ንዓሻን ደርጓሖሉ ኣበይ ከእምቶ፣ንለባም ኣምተሉ ኣበይ ከይስሕቶ፣ናበይ ኣሎ እቲ ኣቢዩን ኢሰያስን፣ ንትግራይ ክሃርሙ ይሻባሸቡ ኣለዉ ዝብል ድራማ፣ባእሲ የብሎምን ኣይበልናን ዶ፣ሕጂ ኸ ውዲት ናይ ሰለስተ በሪህልኩም ዶ፣



ብሰለስተ ሳዲስቲ
ድራማ ናይ ሳልስቲ
ኣብ ልደት መዓልቲ፣

ኣበይ ኣሎ እቲ ባእሲ
መንዩ ኸ ከሳሲ
መንዩ ኸ ተኸሳሲ፣

ኣብ ባድመ ደም ዝሰተ
ውዲት ሰለስተ
ዋሕስ ዘይተዓገተ፣

ንጠቕምም ክተሐሳለዉ
ንህዝቢ ኤርትራ ብደዉ
ይዋገዩሉ ኣለዉ፣

ካብ ልቦም ዘይርከብ ጠዋይ
ዓይንና ንኽፈት ደቂ ኤረይ
ኣስላማይ ምስ ክስታናይ
ኣይትተሃመለሉ ንኣባይ፣

ናይ 81 ውዲት
ድሕሪ ነጸነት
ን27 ዓመት ብዘይ ሐርነት
ኤርትራ ዶባታ ዘይሐንጸጸት
ህዝባ ከይምዕብ ዝተዓገተት
ሕጂስ ያኣክል ንውዲት
ንሰለስተ ኅራሕት ንመክት፣

ኣብ ባድመ
ዝፈሰሰ ደም ዩ ኣይኮነን ቀለም
ደቂ ኤረ ሕድሪ ጀጋኑ ኣይንጥለም
ዝሐለፈ ውዲት መመሊሱ ከይዳጋገም፣

(ንኢንጅነር ኣስገዶም ዓገብ)
ስነ ጥበባዊ ገለን ንለውጢ
ገለን ዕላማ ኣልቦ ተጋላባጢ
ንውዲተኛታት ይዋጢ፣




ኢንጅነር ኣስገዶም
ኣብይ ዘሎ ሰላም
ንዓባይ ኢትዮጵያ ምሕላም
ንህዝቢ ኤርትራ ንምድኻም
ዶ ትብል ተቐንጢጡ ጸላም፣

ኣብ ሐቀኛ ሰላም ዶ
ዶብ ተኸፊቱ ምተዓጸ
ድፈኖ ድፊኖ; ዶብ መን ምስ ሐንጸጸ
ሰላም ኣየምጽእን እዩ ህዝቢ ዘይመረጸ
ነዚ ጠላም ጉጅለ መዓስ ኢኻ ትቀብጸ፣

ከም ትማሊ በሎ
ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ
ብቐኒ ንህዝቢ ንክዳሎ
ብጉማ ዘይትብል ኣውሎ፣

ደሃይካ ሲኢና
ክንሻቐ ጸኒሕና
ንሰብ ሕልና
እዚ ዶ ኮይኑ ካሕሳና፣

ካብዚ ናትካ ላቢሽ
ናይ ወዲ ገብሩ ትሓይሽ
ንሕቶ ኤርትራዊያን ዝምልሽ፣

እዛ ናትካ ሕልሚ
ኣይኮነትን ከም ዓሚ
ንጊታራኻ ካብ ሎሚ
ንላቢሽካ በላ ተልሚ
በቲ ናትካ ዓቕሚ
ንፍትሒ ግጠሚ፣

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ‘ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና‘ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን‘ካብ ዉሽጢ ሑፋር‘ኣባል ተሓኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።